ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
The Executive Office

# ፈ/ቤ/ጽ ኣብ ዞባ ኢትዮጵያ፡
# ዳግመ ስርርዕ ብምኽያድ ሓድሽ ዞባዊ ሽማግለ ኣቑሙ

ብመሰረት'ቲ ካብ 15 ክሳብ 20 ታሕሳስ 2014 ዝተካየደ ዕዉት ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ፡ ዳግመ ስርርዕ ዞባታት ክካየድ ንዝሕለፎ ውሳነ ግብራዊ ንምግባር ዝዓለመ፡ ብዕለት 17 ጥሪ 2015 ፈ/ቤ/ጽ ዝጸዎዖ ኣኼባ ተካይዱ። ኣብዚ ኩሎም ኣካላት ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ ዝተካየደ ሓባራዊ ዘተ፡ ንህልው ኣቓውማ ኤሃባደለ ኣብ ጸብጻብ ዘእተወ ብዕግበት ኩሎም ተሳተፍቲ'ቲ፡ ንፖለቲካዊ ውድባትን ህዝብን ዝውክሉ ሕጹያት ቀሪቦም፤ ዳግመ ስርርዕ ዞባ ኢትዮጵያ ንምኽያድ ዘክእል ሓባራዊ ምርድዳእ ተበጺሑ።








ነዚ ሓባራዊ ስምምዕ መሰረት ብምግባር፡ ብዕለት 18 ጥሪ 2015 ካብ ገዛ ዝቀረቡ ሕጹያት ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ንፖለቲካውን ማሕበራውን ኣቃውማ ኤሃባደለን ብዙሕነታዊ ክውንነቱን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ተሳትፎ ንኩሉ ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታት ብዘውሕስ መልክዑ፡ ዝበቕዐ ሰብ ኣብ ዝበቕዕ ቦታ፤ ንዕማማት ማእከል ዝገበረ ምደባታት ኣካይዱም። ዞባዊ ሽማግለ ዞባ ኢትዮጵያ፡ ብመልክዕ ብቕርጽን ኣቃውማን ፈ/ቤ/ጽ ብሸውዓተ ኣብያተ ጽሕፈታት ዝቆመት ኮይና፡ ኣቦ-መንበር፤ ም/ኣ/መንበርን ወጻኢ ዝምድናታትን፤ ጸሓፊ፤ ምምሕዳርን ፋይናንስን፤ ዜናን ባህልን፣ ጸጥታዊ ጉዳያት ኣብ ዝጠመቱ ሽማግለታት ዞባ ዝቆመት ኮይና ንፍሉይነት እቲ ዞባ ኣብ ግምት ዘእተወ ስርርዕ'ውን ጌራ እያ።





ዞባዊ ሽማግለ ኢትዮጵያ ካብቶም ዓብይ ትኩረት ዝገበረትሎም ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታት እቶም ቀንዲ፡ ጉዳይ መንእሰያት፣ ደቒ ኣንስትዮን ስደተኛታትን ብፍሉይ ብምርኣይ፡ ኣብ ትሕቲ ህዝባውን ማሕበራውን ቤት ጽሕፈት'ቲ ዞባ፡ በቶም በዓል-ቤት ዝኾኑ ኣካላት ክውከሉን ግቡእ ቆላሕታ ክረክቡን ዘክእሎም ስርርዕ ኣካይዳ እያ።

ድሕሪ'ዚ ዞባዊ ዳግመ ስርርዕ፡ ኣብ ትሕቲ ዞባዊ ሽማግለ ዝነጥፉ ናይ ጨናፍርን ዓንኬልን /ጉጅለታት/ ስርርዓት ኤሃባደለ ንምውዳብ፡ ትልሚ መደብ-ዕዮ ሓንጺጻ፤ ንምትግባሩ ምስ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ብምትሕብባር ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ግብራዊ ንምግባር ክትንቀሳቐስ መደብ ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ብዳግመ ስርርዕ ዞባ ኢትዮጵያ ዝተጀመረ እዋናዊ ወፍሪ'ዚ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ኩሉ ኩናዓት ዓለም ዘለዋ ዞባታት ኤሃባደለ ቅልጡፍ ዞባዊ ዳግመ ስርርዕ ክገብራ ብፈ/ቤ/ጽ ብዝተመሓለለፈ ዘዋሪ መልእኽቲ መሰረት፡ ዝትግበር ዘሎ ዕማም ምዃኑ ክፍለጥ ተካኢሉ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ
20 ጥሪ 2015